# ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ ቫንታን ኬራቫን

ከተማ ቫንታን ኬራቫን ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ ንምሃብ ካብ ዕለት 1.3.2021 ጀሚረን ሓይለን ምስ ዋሃቢ ግልጋሎት TE የተሓባብራ ኣለዋ።



*Onnistumisia yhdessä*

Vantaa kerava Työllisyyden kuntakokeilut

**ከተማ ቫንታን ከራቫን ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ (työllisyyspalvelu) ንምሃብ ካብ ዕለት 1.3.2021 ጀሚረን ሓይለን ምስ ዉሃቢ ግልጋሎት TE የተሓባብራ ኣለዋ። ዕላምኡ ድማ ንዓኻ/ኺ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ክትረክብ/ኽቢ ምሕጋዝ'ዩ። ስራሕ ኣብ ምርካብ ዝሕግዝ ናይ ብሕትኻ/ኺ መሰልጠኒ (ሰራሕተኛ) ክምደበልካ/ኪ እዩ።**

## ደላይቲ ስራሕ ዲኹም? ከምዙይ ግበሩ፡-

**1.** ብዛዕባ ኩሎም ኣብ ኩነታትኩም ዝፍጠሩ ለውጢታት **ኣፍልጡ** (ንኣብነት ምርካብ ስራሕ ወይ ውጥን ትምህርቲ)። ብዛዕባ ዝፍጠሩ ለውጢታት ኣብ ኢንተርኔት Oma asiointi ኣብ ዝብል ኣቲኹም ወይ ድማ ንመሰልጠኒኹም ቀጥታ ብምንጋር ክተፍልጡ ትኽእሉ ኢኹም።

**2.** ናብ ስራሕ ብዛዕባ ምእታውኩም ኣመልኪቱ ኣብቲ ውጥን ዝተሰማማዕኹሙሎም ስራሕቲ (ዕዮታት ገዛ) ብእዋኖም ምስራሕን ከምዝሰራሕኹሞም **ኣብ Oma asiointi** (vantaanjakeravantyollisyyspalvelut.fi; te-palvelut.fi) ምምልካትን **ዘክሩ።**

**3.** ናብ ዝኾነ ግልጋሎት ክትካፈሉ እንቲትሰማማዑ እንተለኹም እተሓተትኩሞም ቅጺታት ብእዋኑ **መልሱ፣** እንተኪእልኩም 10 ናይ ስራሕ ማዓልቲታት ቅድሚ እቲ ምድላው ምጅማሩ መልሱ። እቲ ቅጺታት ኣብ Oma asiointi ኣቲኹም ብኡ ክትልእኽዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ ብፖስታ ናብ ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ ወይ ድማ ብኣካል ኣብቶም ናቑጣታት ግልጋሎት ብምኻድ ክተብጽሕዎም ትኽእሉ ኢኹም።

## እንድሕር ዳኣ ሓገዝ ኣድልዩና ንመን ክንሓትት ንኽእል?

ካብ ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ፣ ኣብ ኩሎም ምስ ምርካብ ስራሕ ዝተታሓሓዙ ጉዳያት ዝሕግዘኩም፤ ብዛዕባ ስእነት ስራሕኹም ምስ እተፈላለዩ መንግስታዊ ኣካላት ኣብ ዘለዉኹም ጉዳያት ዘማኽረኩምን ናይ ባዕልኹም (ናይ ግሊ) መሰልጠኒ (መራሒ) ክምደበልኩም እዩ። እቲ መራሒኹም ንክረኽበኩም (ክድዉለልኩም) ኣብ Oma asiointi መልእኽቲ ክትገድፍሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ካብቲ እኒነብረሉ ኣውራጃ (ከተማ) ታይ ታይ ግልጋሎት ክንረክብ ንኽእል?

ኣብ ናይ ኣውራጃኹም ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ፣ እቶም ስራሕ ኣብ ምርካብ ዝሕግዙ ልሙዳት ዉሃብቲ ግልጋሎት እቱዋት እዮም ንኣብነት ዉሃብቲ ግልጋሎት ሓገዝ ደሞዝ፣ ግልጋሎት ምድላይ ስራሕን ስልጠና ሞያን፣ ደላዪ ስራሕ ዘዳልዎም ትምህርቲታት/ ስልጠናታት፣ ልምምድ ስራሕን ብናይ ደላዪ ስራሕ ሓገዝ እትምሃሮ ባዕልኻ እትረኽቦ ትምህርትን። ኣውራጃ ሕጋዊ ዝኾኑ ዓዲ ናይ ምልምማድ ግልጋሎት ይህብ'ዩ። ብተወሳኺ ቫንታን ኬራቫን ናይ ባዕሎም ዝህብዎ ግልጋሎት ኣለዎም'ዩ።

## ስራሕ ናይ ምርካብ ውጥን/ ፕላን ክግበረልና ድዩ?

እወ፣ ውጥን ምርካብ ስራሕ ምግባር በቲዝነበሮ መንገዲ ክቕጽል እዩ። እቶም ኣቐዲምኩም ዝሰራሕኹሞም/ ዝተሳማማዕኹሞም ውጥናት'ዉን ምሳኹም ብሓባር እቲ ዝነበረ ዉጥን ክሳብ ዝሕደስ ኣሰርቲ እዮም።

## ቁጺረ ስልኪታትን ሰዓታትን ግልጋሎታት

**ግልጋሎታት ግለ ሰባት ዕማዊል**
09 8395 0120 ስራሕ ሰዓት
ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 9–16

**ግልጋሎት ውሃብቲ ስራሕ**
09 8395 0130 ስራሕ ሰዓት
ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 9–16

**ግልጋሎት እተፈላለዩ ቋንቋታት**
09 8395 0140 ስራሕ ሰዓት
ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 9–16

**vantaanjakeravantyollisyyspalvelut.fi** ንኣብነት ናይ ካልኦት ኣውራጃታት መራኸቢ ሓበሬታታት ክትረኽብሉ እትኽእሉ መርበብ ሓበሬታ ግልጋሎት ዛዕባ ስራሕ ቫንታን ኬራቫን'ዩ።

**kuntaliitto.fi/tyollisyyskokeilut** ሃገራዊ መርበብ ሓበሬታ ልምምድ (ፈተነ) ስራሕ ኣውራጃታት።

**te-palvelut.fi** ግልጋሎት Oma asiointi። ንኣብነት ክድወለልካ እትሓተሉ፣ ብዛዕባ ለዉጢታትካ እትሕብረሉን ደላዪ ስራሕ ምኳንካ እተፍልጠሉን እዩ።

ግልጋሎት Oma asiointi ሕዚ ዉን ከም ቀደሙ ክሰርሕ`ዩ፤ ሃገራዊ ግልጋሎት ደለይቲ ስራሕ ምድዋል ስልኪ'ዉን ግልጋሎት ምሃብ ክቕጽል እዩ።

**kela.fi** ክፍሊት ዝምልከቱ ዛዕባታት ንዓማዊል ኬላ።

**tyj.fi** ክፍሊት ዝምልከቱ ዛዕባታት ንዓማዊል ሓገዝ ደላዪ ስራሕ (ስራሕ ጸኒሑም ካብ ስራሕ ንዝወጹ)።

**ሃገራዊ ግልጋሎት ደለይቲ ስራሕ (TE) ካብ ሰኑይ– ዓርቢ ሰዓት 9–16.15 ብስልኪ ሓፈሻዊ ምኽሪ/ ሓበሬታ ይህብ እዩ።**

ግልጋሎታት ስልኪ ንግለ ሰባት ዓማዊል፦ suomeksi (ብፊኒሽ) 0295 025 500, på svenska 0295 025 510, in English 0295 020 713, на русском языке 0295 020 715.

**ሓበሬታ ብዛዕባ ሓገዝ ደለይቲ ስራሕ (Työttömyysturvaneuvonta) 0295 020 701.**

**ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ፦** 0295 020 702.

**ምኽሪ (ምምራሕ) ሞያ (ናይ ሞያ ስነ-ኣእሙራዉ ምኽሪ (ሳይኮሎጂ)) 0295 020 720.**
ሰዓት ግልጋሎት ምኽሪ ሞያ ካብ ሰኑይ– ዓርቢ ሰዓት 12–16

## መራኸቢ ሓበሬታ

ኣብ Oma asiointi (vantaanjakeravantyollisyyspalvelut.fi; te-palvelut.fi)
ደዉሉለይ ኢልካ ለበዋ እንተገዲፍካ፤
ዝተመደበልካ መሰልጠኒኻ ክድዉለልካ እዩ።


**Vantaan kaupunki**
**Työllisyyspalvelut**
PL 8201
01030 VANTAA

**Keravan kaupunki**
**Työllisyyspalvelut**
PL 123
04201 KERAVA


**Vantaan asiointipiste**
**ቫንታ መፈጸሚ ጉዳያት ቢሮ/ ነቑጣ**
**ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 9–16**
Vernissakatu 1, 1. krs
01300 VANTAA

**Vantaan Ohjaamo**
**ቫንታ Ohjaamo (መውሀቢ ምኽሪ/ ሓገዝ)**
**ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 9–16**
Nuorten monitoimitila Liito
Lummetie 2b C
01300 VANTAA

**Keravan asiointipiste**
**ኬራቫ መፈጸሚ ጉዳያት ቢሮ/ ነቑጣ**
**ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 9–16**
Aleksis Kiven tie 4, Kauppalantalo
04200 KERAVA

**Keravan Ohjaamo**
**ኬራቫ Ohjaamo (መውሀቢ ምኽሪ/ ሓገዝ)**
**ሰኑይ–ዓርቢ ሰዓት 12–16**
Kauppakaari 11, katutaso
04200 KERAVA

vantaanjakeravantyollisyyspalvelut.fi

Vantaa kerava Työllisyyden kuntakokeilut